Federal Office
for Migration
and Refugees



# ኣገዳሲ ሓበሬታ ንምስላጥ ጉዳይ ሓተታ ዑቕባ ኣብ ጀርመን

TIGRINYA

እዚ ሰንድ ሓበሬታ ንሓተቲ ዑቕባ ኣብቲ ፈላሚ ስጉምትታቶም ይሕግዞም እዩ።

ብጣዕሚ ኣገዳሲ፡ ሃገራዊ ምሕደራታት ዝህቡኹም መምርሒታት ተኸተሉ። ንዑኡ ምስ እትኸተሉ ጥራይ እዩ፡ ጉዳይ ሓተታ ዑቕባኹም ብዝቐልጠፈ ግዜ ክጅመር ዝኽእል። ጉዳይኩም ኣብ ዝምከቶ መስመር መጽናዕቲ ተቐባልነት እንተዘይብሉ ኣብ ጀርመን መጻኢ ዕድል ኣይክህልወኩምን እዩ።

## ቀዳማይ ስጉምቲ፡ ኣብ ሓደ ሃገራዊ ምሕደራ ኣመልክቱ

ASYLUM SEEKER
WHO ARE YOU?

ኣብ ጀርመን እትው ምስ በልኩም ብቕጽበት ኣብ ናይ መንግስቲ ምሕደራታት ወይ ውን ኣብ እንዳ ፖሊስ ኣመልክቱ፡፡ ዑቕባ ክትሓቱ ከም እትደልዩ ውን ሓብሩ። ንሓበሬታ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ተማእዘዙ። ንሳቶም ኣብ ከባቢኾም ዘሎ መጽለሊ ቦታ ክሕብሩኹም እዮም። እንተድኣ ዘይኣመልኪትኩም፡ ሳዕቤኑ !ዘይዕላውያን/ዘይሕጋውያን ተባሂልኩም ክትስጎጉ ትኽእሉ ኢኹም

## ካልኣይ ስጉምቲ፡ ኣብ ናይ መጽለሊ ቦታ ብዝበጻሕኩም

መጀመርያ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ መጽለሊ ዑቕበኛታት ክትምደቡ ኢኹም። ኣብኡ ማእለያ ይግበረልኩም መበገሲ ዝኾነኩም ሓበሬታት ውን ይወሃበኩም። „ዑቕበኛታት ሙኻንኩም ዝሕብር ናይ ምዝገባ ወረቐት“ ይስርሓልኩም። እዚ ስጉምቲ እዚ፡ ሓበሬታ መንነትኩም ዘማልአ ኮይኑ፡ ኣወንታዊ እዩ። ብዘይ ብኡ፡ ጉዳይ ሓተታ ዑቕባኹም ክጅምር ኣይክእልን እዩ።

while your application is in process

GET TEMPORARY RESIDENCE PERMIT
YOUR ALLOWANCE TO STAY
„AUFENTHALTSGESTATTUNG“

GERMANY AND ITS FEDERAL STATES

## ሳልሳይ ስጉምቲ፡ ምደባ ኣብ ዝምልከተኩም ኣውራጃ



ተጽልሉሉ ቦታ ኣበየናይ ኣውራጃ ከም ዝኾነ ባዕልኹም ክትመርጹ ኣይፍቀድን እዩ። እተዕቁቡሉ ኣውራጃን ጽላልን ይምደበልኩም እዩ። ነዚ ውሳኔ ምደባ እዚ ክትምእዘዝዎ ውን ውሳኔ እዩ። ዝተማዕረየ ምክፍፋልን ምዝርጋሕን ናብ ኩለን 16 ኣውራጃታት ኣገዳሲ እዩ መታን ጉዳይ ሓተታ ዑቕባኹም ክሳለጥ። ናብ ካልእ ኣውራጃ ጉዕዞኹም ክትቅጽሉ ትግደዱ ትኾኑ። ነዚ ውሳነ ምደባ ኣይትቃወምዎ ሓደራ፡ እንተዘየሎ ጉዳይ ሓተታ ዑቕባኹም ክጽናዕ ኣይክእልን እዩ፡ ነቲ ዕላዊ ጉዳይ ሓተታ ዑቕባኹም ኣብ ሓደጋ የውድቖ እዩ።

ሃገራዊ ምሕደራ መጻእተኛታትን ዑቕበኛታትን፡ ብጉዳይ ሓተታ ዑቕባ እትውስን ኣብ ኩለን 16 ኣውራጃታት ናይ ውክልና ጨንፈር ቤት ጽሕፈታት ኣለዋ። ሓተታኹም ኣብ ኩለን ኣውራጃታት ብሓደ ሕግን መዐቀንን እዩ ዝጽናዕ።

ፍሉይ ጠመተ ዘድልዮም ንኣብነት ስድራቤታዊ ዝምድናታት ምስ ዝህልዉ፡ ኣብቲ ውሳኔ ኣብ ግምት ይኣትዉ።

## ራብዓይ ስጉምቲ፡ ብዘይ ውዕል ሕድር ናብቲ ዝተመደብኩምሉ መዕቆቢ ኪዱ፡

RECEPTION CENTRE

እቲ እትምደብዎ መዕቆቢ ንመእለይኹምን ንጽላልኩምን ከምኡ ውን፡ ናይ ሕክምና/ጥዕና ማኣለያ ሓላፍነት ይወስደልኩም። ኣብኡ ንጉዳያትኩም ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታታት ቀጻሊ ይወሃበኩም። ንኣብነት ኣየነይቲ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ምሕደራ መጻእተኛታትን ዑቕበኛታትን፡ ንጉዳይኩም ይምልከታ ይሕበረኩም። መብዛሕትኡ ግዜ እታ ቤትጽሕፈት ኣብ ጥቓ እቲ እትምደብዎ መዕቆቢ እያ እትርከብ። ኣብዚኣ መዕቆቢት ጽላልኩም እዚኣ ጥራይ ድማ እዩ መእለይኹምን መናበይኹምን ዝግልኣልኩም።

## ሓሙሻይ ስጉምቲ፡ ጉዳይ ሓተታ ዑቕባኹም ኣቕርቡ

ጉዳይ ሓተታ ዑቕባኹም ባዕልኹም ጥራይ ኢኹም ኣብ ሃገራዊ ምሕደራ ከተቕርብዎ እትኽእሉ። እታ ሃገራዊ ምሕደራ ነዚ ንኸተማልእ፡ ናይ መንነት ዝምልከት ሕቶታት ተቕርብን ትምዝግብን፡ ስእሊ ተልዕለኩም፡ ዓሸራ እውን ትወስደልኩም። (ትሕቲ 14 ዓመት ዝኾነ ዕድሚኦም ቆልዑት እዚ ዝተገልጸ ኣይምልከቶምን)። እዚ ምስ ዝማላእ ጥራይ እዩ ናይ መንቀሳቐሲ ወረቐት (ናይ መንነት ወረቐት) ዝወሃበኩም። በዚ ሰነድ እዚ ኣብ ዝኾነ ናይ መንግስቲ ምሕደራታት ሓተቲ ዑቕባ ከም ሙኻንካን፡ ብዕላዊ ኣገባብ ኣብ ጀርመን ከምዘለኹምን እውን ይሕብር። ነዚ እንተድኣ ዘይኣማሊእኩም ኣድላይነት ምስ ዝህልዎ ወላ ብተጽዕኖ ናብራኹም ኣብ ሃገረ ጀርመን ክዛዘምን ክትስጎጉ ትኽእሉ ኢኹም።

FEDERAL OFFICE OF MIGRATION AND REFUGEES

APPLY FOR ASYLUM

**BRING ALL PERSONAL DOCUMENTS**
PASSPORT, BIRTHCERTIFICATE, ETC.

**AND ALL TRAVEL DOCUMENTS**
TICKETS, QUITTANCES, ETC.

*get copies of your documents*

**WE TAKE FINGERPRINTS**
THIS HELPS US TO IDENTIFY YOU

**AND A PHOTO**
THIS ALSO HELPS TO IDENTIFY YOU AND TO PROVIDE VALID DOCUMENTS

*not from children <14 years*

## ሻድሻይ ስጉምቲ፡ ኣየናይ ሃገር ካብዘን ሕቡራት ሃገራት ኣውሮጳ ጉዳይ ሓተታ ዑቕባኹም ይምልከቶ ምልላይ

DUBLIN REGULATION

ሃገራዊ ምሕደራ መጻእተኛታትን ዑቕበኛታትን ጉዳይ ዑቕባኹም ንሃገረ ጀርመን ወይስ ንኻልእ ሃገር ይምልከቶ የጽንዕ። እዚ ናይ ሓላፍነት መጽናዕቲ ኣብቲ ናይ ዳብሊን ውሳኔ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ውዕል ዝተሞርከሰ ኮይኑ - ኣብዘን ዝስዕባ ሃገራት ሕብረት ኣይሮጳ ከም ኖርወይ፡ ኣይስላንድ፡ ስዊዝ፡ ኮምኡ ውን ሊሽተንሽታይን ዕላዊ ዝትግበር ሕጊ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት እቲ መጽናዕቲ ጉዳይ ሓተታ ዑቕባ መታን ኣብ ሓንቲ ሃገር ጥራይ ክካየንድ ካብ ተደራራቢ መጽናዕቲ ንምድሓን ተባሂሉ ዝተመሃዘ እዩ። በዚ ምኽንያት ሃገራዊ ምሕደር የጻሪ፡ መዓስን ኣበይን መጀመርያ ከምዝኣተኹም የጽንዕ። ናብ ዝምልከቶም መላፍንቲ ሃገራት ንኽትምለሱ ዝጻረር እንታይ ኣሎ ኢሉ ውን ይሓተኩም።

ግድነትን እዩ ኣብታ መጀመርያ እትራግጽዋ ሃገር ክትምዝገቡ። ብዙሓት ስድራቤት ኣብ ጉዕዞ ስደቶም ስለ ዝጠፋፍኡ ንምርካቦምን ንምትእኽካቦምን ይሕግዝ እዩ። ስለዚ እንተ ድኣ ተመዝጊብኩም ጥራይ እዩ ምጥርናፍ ስድራቤታት ውን ክማላእ ዝኽእል።

## ሻቡዓይ ስጉምቲ፡ ሃገረ ጀርመን ዝምልከታ ኮይኑ ጉዳይ ሓተታ ዑቕባኩም ተጽንዕ

FEDERAL OFFICE OF MIGRATION AND REFUGEES

INTERVIEW

ብወከልቲ ሃገራዊ ምሕደራ ብኣካል ጉዳይ ሓተታ ዑቕባኹም ብዝምልከት ብኣካል ሕቶታት ይቐርበልኩም። ኣብቲ ሓተታ ንስቱርነንት ዝግደዱ ተርጎምቲ ይቐርቡልኩም። ብጠበቓ ክትስነዩ እውን ይከኣል እዩ። ብድሕሪኡ፡ እቲ ዝሃብኩሞ መግለጺ ንዑቕበኛነት ዘብቅዓኩም እንተኾነ ይጽናዕ። ካብ ምሕደራ ሃገራዊ መጻእተኛታትን ዑቕበኛታትን ብጽሑፍ መልክዕ ውሳኔ ይሕበረኩም። ድሕሪ እቲ ሓተታ ሃገራዊ ምሕደራ ጉዳይኩም የጽንዕ፡ እቲ ዘቕረብኩሞ ምኽንያታት ንዑቕባ የብቅዓኩም ድዩ እውን ይርኦ። ካብ ሃገራዊ ምሕደራ ብጽሑፍ መልክዕ መልሲ ንሓተታኹም ይወሃበኩም። ተቐባልነት እንተረኺምኩም ንግዚኡ፡ ድሩት መንበሪ ፈቓደ ይወሃበኩም። ድሕሪ ሰለስተ ዓመት እንተድኣ እቲ ንዑቕባ ዘብቅዓኩም ኩነታት ገና ዘይተቐየረ ሙሉእ መንበሪ ፈቓድ ይወሃበኩም።

ጉዳይ ሓተታ ዑቕባኹም እንተድኣ ተቐባልነት ዘይረኸበ፡ ካብ ሃገረ ጀርመን ኣብቲ ዝተወሰነልኩም ዕለት ትወጹ። ነዚ ዕለት እዚ ከይተጠቐምኩም ኣይተሕልፍዎ፡ እንተዘየሎ ብሓይሊ ተገዲድኩም ክትስጎጉ/ ክትምለሱ ሰለ ዝኾንኩም።

**IF YOU ARE FROM...**
SYRIA, ERITREA OR A RELIGIOUS MINORITY FROM IRAK
USE OUR QUESTIONNAIRE

**ELSE...**
TALK TO US IN PERSON

**TELL US YOUR REASONS FOR APPLICATION**
WHERE ARE YOU FROM?
WHAT HAS HAPPENED TO YOU?
DON'T WORRY, THERE WILL BE A TRANSLATOR.

**GET YOUR DECISION ON YOUR APPLICATION**
THE DECISION WHETHER YOU HAVE THE RIGHT FOR ASYLUM OR NOT


Imprint

**Published by:** Federal Office for Migration and Refugees (BAMF), Frankenstr. 210, D-90461 Nürnberg, info@bamf.bund.de, www.bamf.de, Tel. +49 911 943 - 0, Fax +49 911 943 - 1000, www.bamf.de/inforefugees, **Last updated:** October 2015